# ወግዕን ጸወታን
# ምስ ቀሺ ገብረ-ኣምላኽ - ፱

**ካብ ዝሓለፈ ዝቐጸለ…**

“ኣቦይ ቀሺ፣ እሞ እዙ ነገር እዙይከ ታሪኹ ብዙሓት ኤርትራውያን ይፈልጡዎዶ?”

“ብዙሓት ሽማግለታት ናይ ቀደም አጽርዮም ይፈልጥዎ ነይሮም። መንእሰያት ሎሚ ግን ዚፈልጥዎ ኣይመስለንን፣ ሓድ-ሓደ ዚፈልጡ እንተ ሃሊኦም ድማ ካብ ትግራይ ባህልን፣ ልማድን፣ ሕግን፣ ስርዓትን ከም እተቐበሉ ንምእማን አይደልዩን ይኾኑ። ይትረፍንያ ልማድ መውስቦን መሬት ውርስን፣ ወደይ፣ እቲ ቛንቋውን እነተ ኾነ እኮ ኤርትራኛ ዚብሃል ቋንቋ የለን፣ ፈቶኻ-ጸላእኻ ሓንቲ ቛንቋ ትግርኛ እያ ዘላ። ስለዚ ቛንቋና እውን ቛንቋ ትግራይዶ ኣይኮነን፣ ካበይ ዝመጸ ድዩ መሲሉካ!”

“እቲ ጽሩይ ትግርኛ ዚብሃልከ አበይ እዩ ዚዝረብ? ብናይ ተጋሩ ቛንቋ ዜላግጹ ሰባት አለው፣ ናይ ኤርትራ ትግርኛ ድዩ ጽሩይ ወይስ ናይ ትግራይ?”

“ኢያሱ ወደይ፣ አይትጋጌ! አቓዲምካ ናይ ኤርትራ ኾነ ናይ ትግራይ ጽሩይ-ረሳሕ ዚበሃል ትግርኛ የሎን፣ ከከም ቦታኡ ቁሩብ ዝተፋላለየ አዘራርባ አሎ። ንሐንቲ ቓል እንተ ረኤና ሓድሓደ ሰብ ‘ሕጂ’ ይብል፣ ካሊእ ‘ህዚ’ ይብል፣ ‘ሕዱ’ ዚብሉ ሰባትውን አለዉ፣ ‘ሕዚ’ ዚብሉውን አለዉ፣ ኩሉ ኸከም ቦታኡ ይፋላሌ። ንአብነት ካብ ዓረብኛ ወይ ካብ ጣልያንኛ ዝመጸ ቓላት አብ ምሕዋስ እንተ ኾነ፣ ርግጽ፣ ትግርኛ እናሃለወስ ንምንታይ ካብ ካሊእ ለቒሓ ቓላት አድለየ ኪበሃል ይከአል። እንተ ዘየሎ ግን ንሓደን ጽሩይ፣ ነቲ ኻሊእን ረሳሕ ቛንቋ እዩ ዚበሃል የሎን። ቛንቋ ማለት ሕይወት ዘለዎ፣ በብጊዜኡ ዚለዋወጥን ዚሕደስን ነገር ምኳኑ ምፍላጥ የድሊ። ዝኾነ ኾይኑ ትግርኛ ክንብል ከሎና ብመሰረቱ ቛንቋ ትግራይ ከም ዝኾነ ምርሳዕ አይግባእን።”

“ሓቅኹም ኣቦይ ቀሺ፣ ቛንቋ ጥራይ ዘይኮነስ፣ እቲ ሕዝብውን መበቆሉ ኻበይ ድዩ!”

“እወ፣ አይ ሓደ ሕዝቢ እንድዩ። ኩሉ ሰብ ኽልተ፣ ወይ ሠለስተ ወለዶ ኸይቆጸረ እዩ ትግራይ ዚውለድ! ኤርትራ ድማ ቱርኩን ጣልያንን ትማሊ-ትማሊ፤ ብድሕሪኦምውን እንግሊዝ ብፖለቲካ ነንሕድ-ሕዱ ኣጻሊኦም ክሳዕ ዝፈላለይዎ ዘበን፣ ኣይ ሓደ ኣካል ትግራይ እንድዩ ነይሩ። …”

እቲ ‘ኤርትራ’ ዚብል ስምከ ደአ ኻበይ መጸ?”

“ወደይ ብቕድሜና ዝጸንሐ ስም ባሕርን ከበሳን ኢልካ ዚፍለጥ፣ ቦጐስ እተብሃለ ሃገር ደአ እምበር ኤርትራ ዚብሃልስ ደሓር ዝመጸ እዩ። እቲ ባሕሪውን እንተ ኾነ፣ ቀይሕ ባሕሪ ተብሂሉ እዩ ዚጸዋዕ ዝነበረ። ነቲ ባሕሪ ቀይሕ ሕብሪ ዚህብዎ ደቀቕቲ ሓሳኹ አለው፣ ብቛንቋ ግሪኽ ድማ ‘ኤርትሮስ’ ይበሃሉ ብምባል፣ ኤርትራ ኢሎም፣ ጣልያን ዘውጽእዎ ስም እዩ። እቲ ሃገር ድማ ካብ ጥንቲ ምስ ትግራይ ተጠቕሊሉ፤ ‘ትግራይ-ትግርኚ’ ይብሃል ከም ዝነበረ ደኣ እምበር ፍሉይ ክፍሊ ኾነ፣ ፍሉይ “ኤርትራ” ዚብል ስም ከም ዘይነበሮ፣ ኣሉ ኢልና ዘይንኸሕዶ፣ ሓቀኛ ታሪኽ እኮ እዩ።”

“ከምዙይ ካብ ኮነ ደአ ንምንታይ እዮም ሓድ-ሓደ ኤርትራውያን ንተጋሩ ‘ዓጋሜ’ እናበሉ ዚጸረፉ፣ ንወላዲኻ ከም ምጽራፍ ማለትዶ አይኸውንን?”

“ወደይ፣ እዙይ ድንቁርናን ዕሽነት እዩ እምበር ካሊእ ኸይመስለካ። ዓጋሜ ስም ሃገር እዩ። ንሰብዶ ብስም ሃገሩ ትጸርፎ ኢኻ? ኣብዙይ ኣብ ኣዲስ ኣበባስ ኣለውንዶ ሓድ-ሓደ ዓያሹ መዓስ ተስኢኖም፤ ‘ኤርትራ’ ኢሎም ዚጻረፉ፣ ‘ትግሬ’ ኢሎም ዚጻረፉ፣ ‘ጉራጌ’ ኢሎም ዚጻረፉ ኣለው እኮ። ግን ጸርፊ ኣይኮነን፣ ጸርፊ ዓሻ እዩ። ትግራይ ድማ ይትረፍዶ ንንደጃት ስባጋድስን፣ ንንራእሲ ወልደ ሥላሴን፣ ክንደይ ነገሥታት ኣኽሱም ዝወለደ ሃገር ጀጋኑ ደአ እዩ እምበር፣ ዚጽረፍ ኮነ ዚሕመ የብሉን።

“ሰብ ሎሚ ግን ካበይ ከም ዝመጸ ኣይፈልጥ፣ ጥንታዊ ታሪኹ ኣይምርምር፣ ባህሊ ወለዱ ኣይሕዝ፣ ከንቱ ዝኾነ ዘበን መጺኡና፣ ጊዜ ዓያሹ እዩ ዘሎናዮ፤ ‘ዚገብርዎ ኣይፈልጥዎን እዮም’ እናበልካ ምሕላፍ፣ ይኸሪ ምባል ጥራይ እዩ ዘድሊ።”

“እሞ ንሓዋሩኸ እንታይ ይመስለኩም? ታሪኽካ ዘይምፋላጥ እንታይ ሳዕቤን የምጽእ?”

**ይቕጽል**…